ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI

# ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ-ሕድሪ (ግሃድኤ-ሕድሪ) ነቲ ብዘይሕለልን ነዊሕን መሪርን ጅግንነታዊ ብረታዊ ተጋድሎ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ተኸፊልዎ ኣብ መበል 30 ዓመት ብ24 ግንቦት 1991 ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ተዓቂቡን ተኸቢሩን ንክነብር መላእ ኣባላት ውድብና ብመትከል ኣሚኖም ሰጋእ ከይበሉ ዝቃለስሉ ዘለዉ ጉዳይ ኢዩ፡፡ በዚ መሰረት ከኣ ፍትሕን ማዕርነትን ሰላምን ዘረጋገጸት ንኩሉ ኤርትራዊ ብዘይኣፈላላይ እትሓቁፍ ደሞክራስያዊት ኤርትራ ክሳብ ህያው ትኸውን ምስ ኩሎም ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘለዉ ደለይቲ ፍትሒ ብሓባር ኣብ ዘሰማምዑና ኣገባባት ብምውህሃድ ቃልስና ቀጻሊ ኢዩ፡፡

ኣብ መጀመርታ ኤርትራውያን ብሃገራዊ ናጽነትና ኮሪዕናን ተሓቢናን ኢና፡፡ እንተኮነ ግን ከምቲ **ዘይሓሰብካዮ ርኽብስ ኣይምርቓ-ኣይመርገም ከምዝብሃል** ኮይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ፈጺሙ ዘይተጸበዮን ዘይሓሰቦን ኢዩ ረኺቡ፡፡ ንሱ ከኣ ብሃገራዊ ናጽነት ጉልባብ ከውሊ ገይሩ ኣብ ስልጣን ዝተወጠሐ ውሑድ ኣባላት ዝሓዘ ጉጅለ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኩሉ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ዓትዒቱን ዓፊኑን ብምሓዝ፡ ኣብ ክንዲ ሃገራዊ ረብሓ ንጉጅላዊ ጥቕሚ ቀዳምነት ሰሪዑ ብዘይመቕይሮ ካብ ጽባሕ ሃገራዊ ናጽነት ጀሚሩ ኣብዞም ዝሓለፉ 27 ዓመታት ካብ ዓመት ናብ ዓመት እንዳኸፍአ ዝቕጽል ዘሎ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ (ኢሳያስ ኣፈወርቂ) ንህዝብን ሃገርን ኣብ ከቢድ ሓደጋን ሻቕሎትን ሸሚምዎ ከምዘሎ ማሕበረ-ሰብ ዓለምውን ከይተረፈ ዝከታተሎ ዘሎ ሓቒ ኢዩ፡፡

ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ዝተናውሐ ብረታዊ ቃልሲ፡ ናጽነቱን ልዑላውነቱን ኣረጋጊጹ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን፡ … ወዘተ ጥጡሕ ባይታ ተፈጢርሉ ምስ ኩሎም ጎረባብቱ ሃገራትን ማሕበረሰብ-ዓለምን ኣብ ናይ ሓባር ምትሕግጋዝን ረብሓን ዝተመስረተ ዝምድ ክምስርት ኢዩ ዝነበረ ባህጉ፡፡ ኮይኑ ግን ሎሚ ኣብ ሃገርና ሕግን ስርዓትን ጠፊኡ ኩሉ ቁጠባ ሃገር ይኹን ሰብኣዊ ዓቕሚ ብኢደወነናውን በጋሚዶን ውሑዳት ላዕለዎት ኣባላት ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዊንታን ድሌትን ዝትግበርዩ ኮይኑ ዘሎ፡፡ ጥርዓን እንተቕረብካውን ሰማዒ የለን፡፡ ኤርትራውያን ይጭወዩ፡ ይስወሩ፡ ብዘይፍርዲ ይርሸኑ ኣለዉ፡፡ ሕግን ሕጋውነትን ዝበሃል ፈጺሙ የለን፡፡ ናይ መጻኢ ወለዶ ተረከብቲ ዝኾኑ መንእሰያት ዕድሚኦም ኣብ ገደብ ዘይብሉ ግዱድ ዕስክርና ተቐሪኖም ኣማራጺ ብምስኣኖም ካብኡ ንምግልጋል ከኣ ኣደዳ ሞትን ስደትን ይኾኑ ኣለዉ፡፡

ጨፍጫፍን ገባትን ስርዓት ህግደፍ ዕድሚኡ ንክሓጽር፡ ቀጻልነት ህዝብን ሃገርን ከኣ ውሕስነት ንክረክብ ኩሉ ብሃገሩ ዝግደስ ደላይ ፍትሕን ሰላምን ለውጥን ዝኾነ ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ክልዓል ይግባእ፡፡ ኣብ ህላወ ስርዓት ህግደፍ ቅሳነት ዘይሕሰብዩ፡፡ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ኣብ ባይታ ዘየለ ምህዞታት እዳለቓቐበ ሕጂውን ኣብ መበል 27 ዓመቱ ውግእን ወረ ውግእን ብምቕስቃስ ተሰለፍ ተኣንገት እንዳበለ ህዝቢ የጨንቕ ከምዘሎ ጸሓይ ዝወቕዖ ሓቂ ኢዩ፡፡ ካብዚ ብምብጋስ ድማ ህዝቢ ብእኩብ ናብ ስደት ይውሕዝ ኣሎ፡፡ እቶም ብሓይሊ ተገፊፎም ብረት ክዓጥቁ ዝተገደዱ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልውን ከይተረፉ መዓልታዊ ናብ ስደት የምርሑ ኣለዉ፡፡

ሎሚ እቲ እንኮ ፍታሕ ሕሉፍ ተሞክሮታትካ ገምጊምካ ሓድነትካ ኣትሪርካ እቲ ቀንዲ ጸላኢ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ጥራሕ ምዃኑ ምእማን ይግባእ። እዚ ከኣ ኩሉ ብሃገሩ ዝግደስ ደላይ ለውጥን ፍትሕን ዝኾነ ፍልልያቱ ኣወንዚፉ ኣብ ሓደ ግንባር ተጠርኒፉ ምስራሕ እምነ ኩርናዕ ናይ ዓወት ኢዩ።

ግሃድኤ-ሕድሪ ካብዚ ብምብጋስ ዝሓለፈን ህልውን ኩነታት ቃልሲ ደምበ ተቓውሞ ብዕምቆት ብምስትብሃል ዕቱብ ዘተ ጥራይ ኢዩ ውሕስነት ዝህልዎ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለዎ። እዚውን ብግሉጽነትን ተሓታትነትን ክስነ ኣለዎ ኢሉ ይኣምን፡፡ ኣብ ሃገርና ዘንጻላሉ ዘሎ ሓደጋ ምብትታንን ዘሰክፍ ኩነታትን ካብ ዘለዎ ናብ ዝኸፍአ ከይበጽሐ እንከሎ ኩሉ ሓይልታት ደምበ ተቓውሞ ፍልልያቱ ኣወንዚፉ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ቀዳምነት ሂቡ፡ ተወዲቡን ተጠርኒፉን ግብራዊ ስጉምቲ ክወስድ ከምዘለዎ ግሃድኤ-ሕድሪ ብመትከል ይኣምን፡፡ ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ምስ ሰለስተ ፖለቲካዊ ውድባት ማለት ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ)፡ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)፡ ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር (ስምኤድሃ)፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ (ግሃድኤ-ሕድሪ)፡ ኣርባዕቲኦም ፖለቲካዊ ውድባት ሰፊሕ መጽናዕትን ገምጋምን ዘተን ኣካይዶም ኣብ መወዳእታ ናይ ሓባር ፖለቲካዊ ቻርተርን ሕገ-ህንጻን ኣጽዲቖም ሓባራዊ ግንባር ማለት **ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ)** መስሪቶም ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ብሓባር ይቃለሱ ኣለዉ፡፡

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግሃድኤ - ሕድሪ
11 ግንቦት 2018